ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإريتري

Eritrean Nahda Party

# ቤት ጽሕፈት ፕረሲደንት ሃገረ ኤርትራ ብታንክታትን ረሻሻትን ይሕሎ ምህላዉ ዝመጻና ሓበሬታ ኣረጋግጹ ።

ድሕሪ ፍጻመ ሰውራ 31 ጥቅምቲ ኣብ ኤርትራ ከተማ ኣሰመራ ዝርከብ መራሒ ግበታዊ ስርዓት ኢሰያስ ኣፍወርቂ ኣብ ከቢድ ራዕድን ሽበራን ኣትዩ መዓልታዊ ሓደስቲ ትእዛዛት የሕልፍ ምህላዉንን ትማሊ እውን ንሚኒስትሪ ምክልኻል ዝተመሓላለፈ ናይ ትእዛዝ ሰርኩላር ፡ንኹሎም ኣዘዝቲ ሰራዊት ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ሰውራ ኣብ ማእከል ኣስመራ ኣኽሪያ ንኩለን ሓይልታት ምንም መግለጺ ከይዋሃብ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ ።ብተወሳኺ ድማ ቤት ጽሕፈት ፕስረደንት፡ ሚኒስትሪ ዜናን፡ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ፡ ብከቢድ ብረት ታንክትታን ረሻሻትን ምስ ኣዚዮም ብዙሓት ወተሃደራት ተሰኒዩ ኣብ ከቢድ ሓለዋ ከምዝርከብ ምንጭታት ሓቢሮም ።

እዚ ካብቲ ድሕሪ እቲ ፍጻሚ ናይ ህዝባዊ ምልዕዓል ዝጀመረ ተርእዮዚ ፡ ምንጭታት ከምዝሕብርዎ ዘለዉ ፡ መራሒ ግበታዊ ስርዓት ነዚ ህዝባዊ ምልዕዓል ንምምካትኑ ኢሉ ዝህቦ ዘሎ ትእዛዛት ናይ ከቢድ ውሽጣዊ ምንዋጽ ከምዝኾነ ዘእምቶ ዝለዓለ ናይ ህጹጽ ግዜ ሓይሊ ዕማም ናብ ሰለስተ ዝኸፈል ከም ዘቖመን ፡እቲ ቀዳማይ ብጀነራል ፊሊፖስ ዝምራሕን ክልተ ብርገደራት ስምኦንን ወዲ ካሳን ዘለዉዎ ኮይኑ እቲ ካላኣይ ኣብሕቲ ቀዳማይ ሓይሊ ዕማም ዝእዘዝ ሓይሊ ዕማም ድማ ብሰሰስተ ኮለነላት ዝእዘዝ ክልተ የማነታትን ዘኮሎ ዝርከብዎ ምኹኖም ንሶም ብዝመደብዎም ሓይሊ ኣብቲ ከተማ ከቢድ ሰባኣዊ ጥሕሰትን ምእሳርን ምቕታልን ሓላፍነት ተዋሂብዎም ምህላዉን ድሕሪ 31 ጥቅምቲ ኣትሒዞም ክሳብ ሕጂ ልዕሊ ክልተ ሽሕ እንዳ ገፈፉን እንዳ እረዩን እንዳጸወዑን የሳቕዩ ምህላዎም ምንጭታ ኣረጋጊጾም ።

እቲ ሳልሳይ መደብ ሓይሊ ዕማም ድማ ብርጌደር ብሓድሽ ኤፍሬም ዝምራሕ ኮይኑ እውን ካብ ውሽጢ ዲጋ ዓዲ ሃሎ ክሳብ ኣስመራ ኣብ ዘሎ ቦታት 3 ክፍላተ ሰራዊት ብምምዳብ እንተላይ ንመራሒ ግበታዊ ስርዓት ንምሕላው ዝተመደበ ኮይኑ ፡ ኣብ ዝጠርጠሮ ቦታት ኬላታት ብምቕማጥ ከምድልየቱ ህዝቢ ካኣስርን ክቕንጽልን ሓላፍነት ተዋሂቡ ከምዘሎን ይኹን እምበር እቲ ህዝቢ ምንም ፍርሓት ይኹን ምስንባድ ከምዘየርኣየን እቲ ስርዓት ግን ኣብ ገቢድ ስግኣት ሓለዋን ምህላዉ ተሓቢሩ ።

**ክፍሊ ዜና ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

06 ሕዳር 2017